# ሓጸርቲ ዜናታት

**ክፍሊ ዜናን ባህልን**
**ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ**
**10.06.2008**

## 1. ሓሰን ያሲን ብናይ ህግዲፍ ናይ ስለላ ኣካላት ተጨውዩ

ብዕለት 03.06.2009 ሰዓት 10 ናይ ለይቲ፡ ሓሰን ያሲን ኖር ዲናይ ዝተባህለ ኤርትራዊ፡ ካብ'ቲ ኣብ ከሰላ፡ ኣብ ሙሪብዓት ዝርከብ ገዝኡ፡ ደቁን በዓልቲ ቤቱን ረዳኢ ዘይብሎም እናኣውዩ፡ ብ5 ዝኣባላታ ናይ ጸጥታ ህግደፍ ጉጅለ ተጨውዩ። ጨወይቲ፡ ብናይ ህግደፍ ናይ ጸጥታ ትካላት ተጨውዩ። ጨወይቱ ብኡ ንብኡ ንሓሰን ናብ ተሰነይ ከምዝወሰድዎ ተፈሊጡ ኣሎ። ሓሰን ያሲን፡ ቅድሚ ሕጂ፡ ንሓደ ዓመት ብስርዓት ኢሳያስ ተኣሲሩ ብዙሕ ስያት ዝሕለፈ ዜጋ ኢዩ። ብድሕር'ዚ ኢዩ፡ ደቁ ሒዙ ናብ ሱዳን ኣትዩ ኣብ ከሰላ ክቕመጥ ዝተገደደ።

## 2. ሰላሳን ሓደን ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ኢትዮጵያ ኣትዮም

ካብ 25 ግንቦት ክሳብ 08 ሰነ 2009 ኣብ ዘሎ ግዜ 31 ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ኢትዮጵያ ኣትዮም። ካብ'ዞም 31 ስደተኛታት፡ እቶም 10 ኣባላት ክፍለ-ሰራዊት 11ን 16ን ዝኾኑ ወተሃደራት ኢዮም። ዝተረፉ 21 ሲቪላውያን ኰይኖም ኣብ መንጐኦም ካብ ኣስመራ ንኢትዮጵያ ንምስጋር ነፍስወከፎም 50,000 ናቕፋ ዝኸፈሉ ዜጋታት ይርከብዎም። ሓደ ካብ'ቶም ትሽዓት ድማ፡ ኣማኒኤል ግርማይ ባህታ ዝተባህለ ጋዜጠኛ ኢዩ።

## 3. ስትሪት ባንድ ንጋዚጤኛ ዳዊት ኢሳቕ ደገፎም ገሊጾም

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን፡ ኣብ ከተማ ስቶክሆልም ንምብጻሕን ምርኢት'ውን ንምክያድን ዝመጹ ስትሪት ባንድ፡ ጋዜጠኛ ዳዊት ኢሳቕ ክፍታሕ ንዝተገብረ ጸውዒት ደገፎም ገሊጾም። ብሩስ ስፕሪንግስቲንን ክሌሞን ክሌራንስ ነቲ ብጋዜጣ ኤክስፕረሰንን ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል ዝቐረበሎም ሕቶ ብሓጎስ ተቀቢሎም ክታሞም ኣንቢሮምሉ።

ውሩይ ደራፋይ ብሩስ ስፕሪንግስቲን፡ መብዛሕትኡ ግዜ ንጭቁናትን ውጽዓትን ዝጣበቕን ዝድግፍን ምኻኑ ይዝረበሉ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ እቲ ንብዙሕ ዓመታት ዝተዋፈረሉ ናይ ሙዚቃ ሞያ እንተኾነ ውን፡ ነቲ ናይ ሕልናዊ ሰብኣዊ ተግባራቱ ዘንጸባርቕ'ዩ።

ሎሚ እንሆ ጉዳይ ጋዜጠኛ ዳዊት ኢሳቕ ቀስ ብቀስ ካብ ሸወደን ወጺኡ ኣብ ኣህጉራዊ መዳያት እንዳተሰጋገረን፡ ደገፍ እንዳረኸበን ይኸይድ ኣሎ።